ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን

جبهة الانقاذ الوطني الارترية
مكتب الاعلام والثقافة

Eritrean National Salvation Front
Information and Caltural office

ስምዕታት ሰራዊት ንምጕርጓር ዝዓለመ ሰፊሕ ወተሃደራዊ ኣኼባ ተኻይዱ

ስርዓት ኢሳያስ ኣብ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ በብጊዜኡ እምነት እናጕደለ ብምምጻኡ፡ ብትካል ደረጃ ኣወዳድባኡ፣ ዓቕሚታቱን ብቕዓታቱን ንምድኻም ከዓዪ ጸንሑ'ዩ። ኣብ በበይኑ ቃለ መሕትታት ብዛዕባ ሰራዊት ኤርትራ ብመንግስቲ ክገብረሉ ዝግባእ ሞሳ ዝዛረቦም ዝነበረ መብጸዓታት ሓሶት፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ብሕፍረት ዝኣክል ብጩቕ ኢሉ ምዝራብ ክገድፎ ኮይኑ'ሎ። ከይዱ ከይዱ ድማ ንሰራዊት ኤርትራ ናብ ሞሳ ዘይብሉ ሓውሲ ኣገልጋሊ ዘዓይነቱ ክቕዩሮ ሕኪት ክብል ጸኒሑ'ውን'ዩ።

ኣብ ኣጋመወዳእታ ዝሓለፈ ዓመት፡ ጀነራል ፍልጾስን የማነ ገብረኣብን ኣብ ሰራዊት ኤርትራ ሰፊኑ ዘሎ ስምዕታት መጠነ ስፍሓቱን ፖለቲካዊ ትሕዝቶኡን ንምፍላጥ፡ ናይ በርጌዳትን ክፍለ ሰራዊትን ኣባላት ነዊሕ ሰዓታት ዝወሰደ ሰፊሕ ወተሃደራዊ ኣኼባ ከምዘካየዱ እሙን ምንጪ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ሓቢሩ። እዞም ክልተ ኣኸሳት መራሕቲ ኣኼባ ዕቱባት ኪመስሉ፡ መንግስቲ ብዛዕባ ምልመላን ህንጻትን ሰራዊት ሰፊሕ መደብ ሒዙ ስለዘሎ፡ እዚ ኣኼባ'ዚ ንሕና ብላዕሊ መደረ እነቕርበሉ ዘይኮነስ፡ ኣብ ሰራዊት ዘሎ ሕጽረታትናን ጉድለታትናን ንምፍታሕ እንካይዶ ከምምዃኑ መጠን፡ ነፍስ ወከፍኩም ብዘይዝኾነ ይኹን ስክፍታ ክዛረብ ኣሎዎ ስለዝበሉዎም፡ መብዛሕትኦም ታሕተዎትን ማእከሎትን ጽፍሒታት ሰራዊት ናይ ልቦም ስምዕታት ብገርሆም ከምዝዳሕደሕዎ፡ እቲ ምንጪ ወሲኹ ገለጸ። ከም ሓበሬታ እቲ ምንጪ፡ ብሰራዊት ካብ ዝተላዕሉ ብትሕዝቶኦም ዝመሳሰሉ ሓያሎይ ሕቶታት፡ ገለ ካብኡ ንምጥቃስ፡ መንግስቲ ንናብራ ሰራዊት ምምሕያሽ እንታይ መደብ ኣሎዎ? ካብ ተሕተዋይ ደረጃ ክሳብ ክፍለ ሰራዊት ብብጊዜኡ ዝጎድል ዘሎ ሓይሊ ሰብ ብከመይ ክምላእ'ዩ? ንሰራዊት ብሓዲሽ ዕጥቂ ምዕጣቅ መደብ ኣሎ ዶ? ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ሰላም ካብ ተፈጥረ ምሕንጻጽ ዶብ መዓስ ክጅመር'ዩ? ከምኡ'ውን ቅዋም መዓስ ክትግበር'ዩ? ኣብ ሰራዊት ዝረአ ዘሎ ምጉጅጛል ዝመስል ተርእዮ ኣየሰክፍን ዶ? .........ወዘተ'ዮም።

ጀነራል ፍልጾስን የማነ ህበይን ሕቶታት ሰራዊት ብጽሞና ሰሚዖም ሓንቲ ከምዘይትተርፍ ጌሮም ስምዒታቶም ድሕሪ ምጉርጓር፡ ፈውሲ ማሕላ ሓንቲ መልሲ'ኳ ብሕም ከይበሉ ኣኼባ ከምዘልዓሉ፡ እቲ ምንጪ ገልጹ። ከምኡ'ውን ብድሕሪ ኣኼባ ነተን ሕቶታት፡ ፖለቲካዊ ትሕዝቶ ዘሎዎን ዘይብሉን ከምዝመመዪዎምን፡ ኣለዓዓልቲ ዝበሉዎም ንበይኖም ከምዘመዝገቡዎምን፡ እቲ ምንጪ ክበጽሖ ከምዝኻኣለ ይገልጽ። ከም ውጽኢቱ ድማ፡ ኣብ መጀመርታ ወርሒ ጥሪ 2020 ካብ'ቶም ቅስቀስቲ ዝተባሃሎ ብዙሓት ከምዝተኣሰሩን፡ ኣብ ጥቓ ዶባት ካብ ዝጸነሑ ናብ ሱዳንን ኢትዮጵያን ከምዝሃደሙን፡ ካብ ዶባት ኣብ ዝረሓቀ ከባቢ ካብ ዝርከቡ ድማ ይክብሉሉ ከምዘሎዉን፡ እሙን ምንጪ ግሃድኤ ሓቢሩ። ናይ'ዚ ኣኼባ ሓበሬታ ኣሰና ቲቪ ብሰፊሑ ከምዘቕረቦ ንሕብር።

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ግሃድኤ

22/1/2020